# ሓበሬታን ምስጋናን !!

## ምስጋና ንኹሎም ወብሳይታት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ !!!

ስርዓት ህግደፍ፡ ካብ ካልኣይ መፋርቕ 2001 ጀሚሩ፡ ካብ ድሌትን ሃንቀውታን ህዝቢ ወጻኢ፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጨውዩ፡ ነቲ ብዋጋን ክቡር መስዋእትን ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ዝተረጋገጸ ፖለቲካዊ ስልጣን ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ውርሻ ዘውዲ ንግስነት ብምግባት፡ “ዒም ዝበለ ይተሓጎም” እናበለ ካብ ዝሃልልን ጀጋኑ ካብ ዘበሳብስን ሻሙናይ ዓመቱ ሒዙ ኣሎ። ካብ ህጻናት ክሳብ ከባቢ 90 ዓመት ዝዕድመኦም ምእንቲ ናጽነት ከርተት ዝበሉን ንናጽነት ብሃንቀውታ ዝተጸበይዋን ኣሽሓት ዜጋታትና፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ብተሃድሶ እናተባህለ ስሙ ዝቆናጀ ዘስካሕክሕ ኣረሜናዊ ኣተሓሕዛ ዝመርሆኡ ስዉር ኣብያተ ማእሰርትታት ህግደፍ፡ ብዘይ ዝኾነ ገበንን መስርሕ ሕግን ተዓፊኖም መዓልቲ መዓልቲ ዓሕ እናበሉ ይምህምኑን ገለውን ንዘለኣለም ይሓልፉን ይገድፉናን ምህላዎም ዓለም ብዓለሙ ዘረጋገጾ ብሩህ ሓቂ እዩ። እዞም ሕቶ ህዝቢ ተዓጢቖም ኣርማ ህዝቢ ብምልዓል ብትብዓት፡ መብጽዓ ህዝቢ ይተግበር፡ ኩሉ ዜጋ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብማዕረ ይረኤ፡ ግዝኣተ ሕጊ ይንገስ፡ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ይተኣታቶ፡ ሃገራዊ ባይቶ ዘጽደቖ ሃገራዊ ቅዋም ይተግበር፡ ሓጋጊን ፈራዲን ፈጻምን ኣካላት መንግስቲ ኣብ ሰስልጣኖም ነጻነቶም ይተሓለወሎም፡ ተሓታትነትን ግሉጽነትን ይሃሉ፡ ባጀታዊ ኣሰራርሓ ይተኣታቶ፡ ወዘተ ... ብምባል ነጻ ፖለቲካዊ ርእይቶኦም ኣብተን ብሕጊ ቆይመን ዝነበራ ጋዘጣታት ሃገር ብምስፋሮም ገለ ውን ሓሳባቶም ብነጻ ብምግላጾም፡ ጋዘጠኛታትና ውን ነዚ ብምእንጋዶም ኩሎም ንህዝቢ ክብሉ ግዳይ ከም ዝኾኑን ክሳብ ውን ብጥልመት ሃገር ከም ተወንጀሉን ብዘይካ ነቶም እናሰምዑ ዝደቀሱ፡ ንኹሉ ካልእስ ከም ጸሓይ ቀትሪ ብሩህዩ። ነዞም ሕቶታት እዚኣቶም ዘልዓለ ድዩስ ወይስ ነዞም ሕቶታት እዚኣቶም ዝጠለመዩ ብኽድዓትን ብትሕተ-ሃገራዊነትን ዝኽሰስ ግን እቲ ፍርዲ ንኣንባቢን ንሰማዒን ይገድፎ።

ደምበ ተቓውሞ ብወገንኩም፡ ውድባት ይኹና ሰልፍታት ከምኡውን ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ሓቦን ኒሕን ተዓጢቕኩም ብድፍረትን ተወፋይነትን፡ ኣብ ጎኒ ህዝብኹምን ምእንቲቶም ባህርያዊ ክብሮም ተገፊፎም፡ ፍትሒ ይኹን መስርሕ ሕጊ ተነፊጉዎም፡ ኣብ ሞንጎ ሞትን ሕየትን ተንጠልጢሎም ብሓይሊ ድምጽኹም ጥራሕ፡ ዘተንፍሱ ዘለዉ እሱራትናን ሕዩራትናን ደው ብምባልኩምን፡ ከይተሓለልኩም ንማሕበረሰብ ዓለምን ነቲ ገለ ዕድል ስኢኑ ገለውን እና ርኣየን እናሰምዐን ብበለጽ ዝዓወረ ክፋል ህዝብኹም፡ መቓልሕ ተቓውሞኹም ከተመሓላልፉ ምኽኣልኩም፡ መብጽዓታት ሰማእታት ኤርትራ ከይጠለምኩም ብጽንዓት ምምካትኩም ኣገናዕ ደቀቦታቶም ይብለኩም። ነቲ ኣፍ ዝሰኣነ ኣፍ ኮንኩሞ፡ ነቲ ድምጺ ዝሰኣነ ውን ድምጺ ኮንኩሞ፡ ነቲ ተስፋ ዝቖረጸ ተስፋ ኮንኩሞ ኢኹምሞ፡ ከምቲ ናይ ኣቦታትኩም “ንዓደይ ዘይበለ ካባና ይፈለ” እንድዩ፡ ሞሳኹም ዓወት ዓደቦ እንተተረጋጊጹ ጥራሕ ስለ ዝኾነ ኣብኡ የብጽሓና ንበል።

ስለዚ ድምጽኹም ነቶም ኣብ ትሕቲ መቑሕ ህግደፍ ዝሳቐዩ ዘለዉ ብጾትኩም፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ሓለዋ ብምስጢር ዝከታተልዎ ድምጽኹም፡ መተካእታቲ ብሓየርቶም ዝተነፍጎም ምኡዝ መግቢታት ኮይኑ ሓይሊን ሂወትንዩ ዝህቦም ዘሎሞ፡ ንስለቲ ተባዕ ተወፋይነትኩምን ተበግሶኹምን ብስምቶም ኣብ ትሕቲ ፍጹም ሕሰምን መከራን ህግደፍ ክሳቐዩ ዝገደፍኩዎም፡ ድምጾም ዝተነፍጉ ብጾት ኮይነ፡ ልባዊ ምስጋናይን ምስጋናኦምን ከመሓላልፈልኩም ኣፍቅዱለይ። ነዚ ዝስዕብ መልእኽተይ ውን በቲ ልሙድ መንገድኹም ከተመሓላልፉለይ እትስፎ።

ኣቱም ኣብ ጸበብትን ገፋሕትን፡ ካሜራታት ኣብያተ ማእሰርቲታት ህግደፍ፡ ኣብ ዘስካሕክሕ ጽምዋን ተነጽሎን፡ ሓሳብን ጭንቀትን፡ ሕማምን ጥሜትን፡ ዝገደፍኩኹም ብጾት ድማ፡ ኣርማኹም ኣልዒሎም ንዓወት ዝምርሹ ኣሽሓት ብጾት ስለዘፍረኹም ተሓበኑ፡ ኣብታ ንመዋእልኩም ዝበለኹሙላ ሓላል ኤርትራ ግዝኣተ-ሕጊን ዲሞክራሲን ከይነገሰ ትዓርፍ እግሪ ወይ ውን ሰም ትብል ዓይኒ የላን ብጾት ይቕሰኑ ኣይሰከፉ ዝብሉ ኣርማኹም ዘልዓሉ ኣማእታት ሳናዱቕ ሬሳታት ህግደፍ ተሸኪሞም ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ዓለምና ብሰላማዊ ሰልፊ ንስለኹምን ንስለ ደሞክራሲን ተቓውሞኦም ከጋውሑ ስለ ዝተዓዘብኩ ኣነ ውን ተሓቢነየሞ ደስ ይበልኩም። ወዮ ደኣ ዘሎኹሞ ጸላምን ዘየርኢን ኀደጉድ ኮይኑምበር ጩራ ወጋሕታስ ወገግ ይብል ኣሎሞ ዓወት ተቐራሪባያ ኣጆኹም። ብሂወት እንተጸኒ ሕኩም ኩልና ዕዉታት ኢና፡ ንዕላማ ህዝቢ እንተተኸፊልኩም ውን ሕድሪ ሰማእታት ትፍጽሙ ስለዘሎኹም ንሱውን ሓበንዩሞ ተቐረቡ ኣብ ተጠንቀቕ ጽንሑ ብርግጽ ኣብ ዓወትዩ ርክብና።

እንቶ እቶም መምስ ዝነፈሰ ንፋስ ዝነፍሱ፡ ክሰምዑን ከጣቕዑንምበር ክመምዩን ክርእዩን ዘይተዓደሉ፡ ሀ ሁ ኢልኩም ኣታቲኹም ዓዲ ዘእቶኹሞም በዓል “ንመን ትመጸስ መን እመጻ ትመጸ”፡ እሞ፡ ጋዶ ኾይኑ እናረኣዩ ዑረት፡ እናሰምዑ ጽመት፡ መሪጾም ኣዲኦም ትደፋእ ራዕዲ ኣብ ከብዶም ኣትዩዎም ብድሕሪት ካልእ ኣብ ገጽ ድማ ካልእ እናኾኑ፡ እታ ዓሞም ዘዕረባ ጸሓይ ኣምሆ ዘበን ተመሊሳ ከይትበርቕሞ ኣበይ ደኣ ነበርካበል ከይትመጸም ግዲ ኮይኖም ተካል ሃለዋትዮም  ዘሎዉ። ወዮ ደኣ ቁሩብ ካብ ሕሉፍ ዘይምሃሩ ኮይኖም እምበር ቁሩብ እንተዘንብቡስ ኣንጻር ማዕበል ዝነዓዝ ኣብ መዕለቢኡ ከምዘይበጽሕ፡ ትማል ትማል ንሚሊሽያ ስርናይ ዝወሃብ ዝነበረ መጠንቀቕታን መዓልቦ ደርጊን ጥራሕ ካብቲ ከቢድ ድቃሶም መበራብሮም ነይሩ። ታሪኽ ከም ዝመሃረና፡ ኩሎም መለኽቲ ስርዓታት ውድቀቶም ኣብ ቅድሚ ዓይኖም እናረኣይዋ፡ ዕድል ናይ ምምላስ ውን እናሃለዎም፡ ዋላ ውን እታ ናይ መወዳእታ ትልኽ ትብል ሓይሎም ተጸንቂቓ እናረኣይዋ፡ ሓደ ሰብ ክሳብ ዝተርፎም ሱቕ ኢሎምዮም ንደልሃመት ዝቕጽሉ፡ እቲ ዘገርም ናይቶም ላኼማታትዩ፡ እናፈለጡ ጽባሕ “ኣይፈለጥናን” ካብ ገበን ዘድሕን መሲሉዎም፡ ዜጋታቶምን ትማል መሪሖምን ኣታትዮምን ዓዲ ዘእተዉዎም ብጾቶምን ኣሕዋቶምን ብዘይገበንን ብዘይፍርዲን ንዓመታት ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ክበልዩን ክሞቱን እናረኣይዎም፡ ዓገብ ምባልስ ይትረፍ፡ እልይ ምባልከ መን ከልኤ በሉ፡ ግን ዝመውት ምድሪ ኣይምሰዮ እዩሞ ኣይፋልናን ኣንተመሪጾም ደኣሞ ድሓን፡ በዚኦም ውን ቅር ኣይበልኩም ብጾት፡ ደጊም ሎሚ ውን ከምታ ናይ ትማሊ ዕጫ  ሚሊሽያን ስርናይን ዕጫ ኣባላት ኢሰፓን ይጸበዩ ንግደፎም።

ኣብ መወዳእታን በዚ ኣጋጣሚ እዚንውን፡ ነቲ ንኣርባዕተ ዓመታት ብዘይ ዝኾነ ይኹን መርመራ፡ ሕቶ፡ ወይውን መስርሕ ሕጊ፡ ከም ተራ ኣቕሓ ብስም ሓደራ፡ ኣብዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎም ስዉራት ኣብያተ ማእሰርቲታት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንሱ ውን ስለዘየጽገቦም ንተወሳኺ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ካብ ሃገር ከይወጽእ ተኸልኪለ ኣብ ትሕቲ ምክትታልን ማሕዩርን ህግደፍ ክወርደኒ ዝጸንሐ ኢፍትሓዊ ኣተሓሕዛን ግፍዒን ተቓዊምኩም፡ ድምጽኹም ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ከተቃልሑለይ ብምኽኣልኩም፡ ኣብ ምፍትሔይ፡ ድምጽኹም ዘይነዓቕ ተራ ከም ዝነበሮ ስለ ዝኣምን፡ ልባዊ ምስጋናይ ይብጻሕኩም። ንድምጽኹም ጻዕሪ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ተሓዊሱዎ ካብ ምንጋጋ ህግደፍ ተላቒቐ ኣብ ዉሑስ ቦታ ኣብ ኤውሮጳ ኣትየ ስለ ዘሎኹ፡ ካብቲ ኣብ ወብሳይትኩም ዘሎ መዝገበ-እሱራትን ሕዩራትን ህግደፍ ኣውጺእኩም፡ ኣብ መዝገብ ግዳያት ህግደፍ ከተሰጋግርዎ እላቦ።

ሓደ ካብ ግዳያት ስርዓት ህግደፍ ዝኾንኩ

ሓውኹምን ብጻይኩምን ንኣምን ተኪኤ